ዝተሓደሰ ኣብ 24.03.2022

**ነብስና ብኽምዚ ክንከላኸል ንኽእል**

# ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19ን ጥንሲን ሕቶታት ኣለዋኒ

ነፍሰ-ጾር እንተ ኾይነ ወይ ክጠንስ እንተ ደልየ ኣንጻር ኮቪድ-19 ክኽተብ ኣለኒ ዶ፧

ቅድሚ ጥንሲ ወይ ኣብ እዋን ጥንሲ ክታበት ኮቪድ-19 ክትረኽቢ ንመኽረኪ (ብዝበለጸ ካብ መበል 12 ሰሙን ጥንሲ)። ከቢድ ዓይነት ኣከያይዳ ኮቪድ-19 ኣብ ጥኑሳት ኣንስቲ ኻብቶም ዘይጥኑሳት ማዕረ ዕድመ ዘለዎም ሰባት ኣመና ዝያዳ ግዜ እዩ ዝፍጸም። ብተወሳኺ ኣብ እዋን ጥንሲ ኮሮናቫይረስ እንተ ተለቢድኪ ቅድሚ ግዜ ኽትወልዲ ዘሎኪ ርከሳ ኣጸቢቑ ይውስኽ እዩ።

**ቅድሚ ጥንሲ ወይ ኣብ እዋን ጥንሲ ዚግበር ክታበት ንስኽን ዘይተወልደ ሕጻንን ክከላኸለኩም እዩ።**

ጥንስቲ እንተ ኼንኪ ወይ ክትጠንሲ እንተ ደሊኺ እቲ ክታበት ኮቪድ-19 ውሑስ እዩ። ዝኾነ ኣብ ስዊዘርላንድ እተፈቕደ ክትክን ንድሕንነት ተባሂሉ ብጥንቃቐ ይምርመር ኢዩ፣ ኣብ መጻኢ እውን ብጥንቃቐ ንቀጻሊ ቍጽጽር ይግበረሉ።
እቲ ክታበት ኣብ ምፍራይ ዝኾነ ኣሉታዊ ጽልዋ የብሉን። ኣብ እዋን ጽግያትካ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ነቲ ክታበት ክትወስዲ ትኽእሊ። ዋላ እንድሕር ተጥብዊ ኮይንኪ እቲ ክታበት ክትቕበሊ ትኽእሊ።



**ጥንስቲ እንተ ኼንኪ ወይ ክትጠንሲ እንተ መዲብኪ ብዛዕባ ክታበታት ከኣ ሕቶታት እንተ ኣልዩኪ ንሓኪምኪ ወይ ንመሕረሲትኪ ኣዘራርብዮም።**

**foph-coronavirus.ch**

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Swiss Confederation

Bundesamt für Gesundheit BAG
Office fédéral de la santé publique OFSP
Ufficio federale della sanità pubblica UFSP
Uffizi federal da sanadad publica UFSP